# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.258 ሓሙስ 27 ሰነ 2024 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2

"ህዝብና ወትሩ ሞሳ ስዉኣት ስለ ዝዝክር፡ ስድራ ስዉኣት ...

ገጽ 3

ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

ገጽ 4
ሃማመተኤ ዞባ ሳዋን ትካላት ለዕለዋይ ትምህርትን . . .


ገጽ 5

ስለ ሃገርን ህዝብን

ገጽ 7
ስፖርታዊ ውድድራት እዚ ማእከል ይቕጽል


# ልኡኽ ኢጣልያ፡ ልምዓታዊ ትካላትን ጸጋታት ቱሪዝምን ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ተዓዚቡ


ስእሊ ◦ ብኣክሊሉ ዘርእዝጊ

ብሚኒስተር ትካላት ዋኒንን ሃገራዊ ፍርያትን - ኣዶልፎ ኡርሶ ዝተመርሐ ልኡኽ መንግስቲ ኢጣልያ፡ ትማሊ 26 ሰነ ብሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ተሰንዩ፡ ኣብ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ዝርከብ ልምዓታዊ ትካላትን ጸጋታት ቱሪዝምን ተዓዚቡ።

እቲ ልኡኽ ወደብ ባጽዕ ኣብ ዝበጽሓሉ፡ ዋና ኣኪያዲ ስራሕ በዓል-መዚ ወደባት ኤርትራ ኣቶ ዳዊት መንግስትኣብ፡ ብዛዕባ ሓፈሻዊ ንጥፈታት ናይ'ቲ ወደብን ዝህቦ ዘሎ ኣገልግሎትን ከምኡ'ውን ኑቲ ወደብ ንምስፋሕ ብዛዕባ ዝተወስደ ተበግሶን ናይ መጻኢ ውጥንን መብርሂ ሂቡዎ።

ልኡኽ ኢጣልያ ብዘይካ'ዚ፡ ደሴት ደሴን ዘለዋ ተፈጥሮኣዊ ጸጋቓን ተዓዚቡ።

ኣብ ሰዓታት ንግሆ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ባጽዕ ኣብ ዝኣተወሉ፡ ኣመሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ እትርከቦም ሰበ-ስልጣንን ኣካየድቲ ኣፍረይቲ ትካላትን ተቐቢሎሞ።

እቲ ልኡኽ፡ ብ25 ሰነ እውን ኣብ ዞባታት ማእከልን ደቡብን ዝርከብ ልምዓታዊ ቦታታትን ካልእ ትካላትን ምብጽሑ ዝዝከር እዩ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ እቲ ብሚኒስተር ኣዶልፎ ኡርሶ ዝተመርሐ ፍሉይ ልኡኽ መንግስቲ ኢጣልያ፡ ኣብ ኤርትራ ዝገበሮ ዑደትን ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስን ካልኦት ሰብ-መዚን ዘካየዶ ርክባትን ኣገዳሲ ታሪኻዊ መድረኽ ኣብ ክልተኣዊ ምትሕግጋዝ ከም ዝኸፈተ ገሊጹ።

ሚኒስተር ኣዶልፎ ምስ ኤሪና ኣብ ዘካየዶ ቃለ-መሕትት፡ መሪሕዎ ዝመጽአ ጉጅለ ልኡኽ፡ ኣካየድትን ክኢላታትን ኣብ ጽላታት ትሕተ-ቅርጺ፡ ወደባትን መዓርፎ-ነፈርትን፡ ጽርግያታትን ባቡር ምድሪን፡ ተሃዳሲ ጸዓት፡ ሕርሻን ሃብቲ እንስሳን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሕክምናን መፍረ መድሃኒትን ዝጠቓ ኢጣልያውያን ኩባንያታት ዝሓቖፈ ምዃኑ ብምሕባር፡ ኣብ'ዚ መዳያት'ዚ ጭብጢ ቀጠባዊ ምትሕግጋዝን ወጽኢታዊ ምትሕብባርን ንምህናጽ ዝዓለመን ብክልቲኡ ወገን ዝለዉ ድሌት ዘንጸባርቕን ዓሚቝ ዘተን ጽቡቕ ስእሊ ዝህብ ዑደትን ከም ዝተኻየደ ኣብሪሁ።

ኣብ ጽላት ጥዕና ብሓፈሻ ኣገልግሎታት ሆስፒታል ደማ ብፍላይ ኣብ ዝምልከት ዝተኻየደ ዘተ፡ ኣብ ኣስመራን ባጽዕን ዝርከባ ሆስፒታላት - ኣብ ሮማ ምስ ዝርከብ ዘመናዊ ሆስፒታል ብምትእስሳር፡ ዝህቦኦ ኣገልግሎት ምምዕባል፣ ሕላገት ኩባንያታት ኢጣልያ ዘለዎ መድሃኒት ኣብ ኤርትራ ምፍራይ፣ ከምኡ'ውን ሞያዊ ዓቕሚ-ሰብ ምምዕባልን ምስትግጋር ዘመናዊ ቴክኖሎጂን ዝብል ከም ዝርከቦ ኣረዲኡ።

"መንግስቲ ኢጣልያ፡ ንታሪኻውን ባህላውን ዝምድናታት መሰረት ብምግባር፡ ኣብ ኤርትራ ዓቢ ኣተኩሮ'ዩ ገይሩ ዘሎ" ዝበለ ሚኒስተር ኣዶልፎ፡ እዚ ዝምድናዊ፡ ንርግኣት መላእ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ጠቓሚ፣ ንዘስፍሐ ምትሕብባርን ርግኣትን ደማ ኣርኣያ ክኸውን ጽኑዕ እምነት ከም ዘለዎ ኣገንዚቡ።

# ዝኽሪ '20 ሰነ' ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ይቕጽል ኣሎ

20 ሰነ - መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ሆላንድ፡ ዘምባብዌ፡ ስዑዲ-ዓረብን ደቡብ ሱዳንን ብልዑል ሓበን ተዘኪሩ።

ኣብ ሆላንድ - ከተማታት ኣምስተርዳም፡ ሮተርዳም፡ ኣመርስፎርት፡ ኡትረኽት፡ ዙዎ፡ ላይደንን ዝዋለንን ዝነብሩ ዜጋታት ኣብ ዝወደብዎ ናይ ዝኽሪ መደባት፡ ሙብጽዓኦም ንትግባረ ሕድሪ ሰማእታት ብምሕዳስ፡ ንመሰዊ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታት ዝውዕል ብድምር 35,432 ዩሮ ኣብ ርእሲ ምብርካት፡ ሓላፍነት ምንባይ 34 ስድራ ስዉኣት ወሲዶም።

ኣብ ደማምን ከበኣን - ስዑዲ ዓረብ ኣብ ዝተገብረ ብምብራህ ሽምዓ ዝተሰነየ ናይ መደብ ድማ፡ ኣባላት ሃማደኤ - ኣብ ርእሲ'ተን ከጥውራኣን ዝጸንሓ 57 ስድራ-ስውኣት 3 ከም ዝወሰኻ ተሓቢሩ።

ኣብ ዘምባብወ ከምኡ'ውን ኣብ ኣውራጃ ክዋዙሉናታልን ካልኦት ከተማታትን ደቡብ ኣፍሪቃ ዝቕመጡ ዜጋታት - ሽምዓ ብምውላዕን ዕንባባታት ብምንባርን ሰማእታቶም ኣብ ዝዘከሩሉ ስነ-ስርዓት ብወግዒ፡ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታት ንምስሳንን ጸገማት ስድራ ስዉኣት ንምጥዋርን ካብኦም ዝሕተት ኣበርክቶ ከም ዝገብሩ ገሊጾም።

ኣብ ደቡብ ሱዳን - ከተማታት ጁባ፡ ኣዌል፡ ጣንጁ፡ ኒሙሌ፡ ያምብዮን የይን ዝነብሩ ዜጋታት ብተመሳሳሊ፡ ሽምዓ ብምብራህን ናይ እግሪ ጉዕዞ ብምውዳብን ሰማእታቶም ዘኪሮም።




# ኣስታት 700 ሽሕ ናቕፋ ንስድራ-ስዉኣት ደገፍ ተገይሩ

ብምኽንያት 20 ሰነ - መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ ኣብ ዞባ ደቡብ ኣስታት 700 ሽሕ ናቕፋ ንስድራ ስዉኣት ደገፍ ተገይሩ።

በዚ መሰረት፡ ነበርቲ 21 ምምሕዳራት ከባቢ ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ 94,685 ናቕፋ፣ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ዝርከቡ ሰራሕተኛታት መንግስቲ 71,100 ናቕፋ፣ ከምኡ'ውን መማህራን ተመሃሮን ሰራሕተኛታትን ኮሌጅ ንግድን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን 62,215 ናቕፋ ኣበርኪቶም።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰገነይቲ ነበርቲ ዝተፈላለያ ምምሕዳራት ከባቢ ግራውቲ ስድራ ስዉኣት ብወፈራ ክሓርሱ ከለዉ፡ ውዳቤ መንእሰያት ሰራሕተኛታትን ሰብ ጸጋን ዘዋጽእዎ 188,000 ናቕፋ ንስድራ ስዉኣት ተመቓሪሑ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ብተመሳሳሊ፡ ሰራሕተኛታት ትካላት መንግስቲ 130 ሽሕ ናቕፋ፣ ኣብ ሓውሲ ከተማ ዓረዛ ዝቕመጡ 12 ዜጋታት ከኣ 5,600 ናቕፋ ንጸገማት ስድራ ስዉኣት ኣበርኪቶም።

ሰራሕተኛታት መንግስቲ ኣብ ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ እውን፡ 104 ሽሕ ናቕፋ ንተመሳሳሊ ዕላማ ወፍዮም።

ሽባብ
ሃማመተኤ

ሪፓርታዥ

# ሃማመተኤ ዘባ ሳዋን ትካላት ላዕለዋይ ትምህርትን፡ ኣብ ኩለን ኮለጃት ዕዉት ናይ ኢንትራ-ኮለጅ ፌስቲቫል ኣካይዱ

ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ፈስትቫላት ይካየድ እዩ። ኣብ ሃገርና'ውን ዝተፈላለየ ዓበይትን ንኣሽቱን ፈስቲቫላት ይካየድ እዩ። ሃገራዊ ፈስቲቫል፡ ፈስቲቫል መንእሰያት ሳዋ፡ ናይ ኮለጃት ፈስቲቫልን ካልኦትን ከም ኣብነት ክንጠቅስ ንኽእል። ዕላማ ፈስቲቫል ብዙሕ እኳ እንተኾነ፡ ዝዓበየ ሚዛን ዝወሃቦም ነጥብታት ንምጥቃስ ዝኣክል ግና፡ ሓድሕድ ሌላ ኣብ ምምስራት ይሕግዝ፡ ነቲ ብኣካል ይኹን ብፍልጠት ክትበጽሖ ዘይክኣልካ ክፋል ሕብረተሰብካ ኣብ ሓደ መኣዲ ብምቕራብ ብዛዕባ ሃገርካን ባህሊ ሕብረተሰብካን ጽቡቕ ኣፍልጦ ንኽህልወካ ይሕግዝ፡ ብዓቢኡ ድማ ኣብ መንጎ ህዝቢ ናይ ሓንቲ ሃገር ሓያል ሓድነትን ስኒትን ንኽህሉ ባይታ የጣጥሕ።

ኢንተር-ኮለጅ፡ ኣብ መንጎ ኮለጃት ብዝግበር ዓበይቲ ውድድራት ዝማሙቕ ዓቢ ፈስቲቫል እዩ። ብማእከልነት ሃማመተኤ ጨንፈር ዞባ ሳዋን ትካላት ላዕለዋይ ትምህርትን ከምኡ'ውን ኩለን ኮለጃትን ዝካየድ ዓቢ ፈስቲቫል እዩ። ከምቲ ኣቐዲመ ዘርዚረዮ ዘለኹ፡ ረብሓታት ፈስቲቫል ዘርዚርካ ዝውዳእ ኣይኮነን። ኣብ ኮለጃት ከኣ እሞ ሓለፋ ኣለዎ ዝብል እምነት እዩ ዘለኒ። ናይ ኮለጃት ተመሃሮና ካብ ዝተፈላለየ ድሕረ-ባይታን ዝተፈላለየ ቦታታትን ዝተኣከቡ እዮም። ባህልን ልምድን ሕብረተሰብ ኤርትራ ከተላልዮም ዘኽእለካ ዝበልጸ መንገዲ ድማ ነዞም መንእሰያት ኣብ ሓደ ቅርዓት ብምእካብ እዩ። ነዚ ዕላማ ንምግባር ዝዓበየን ዝበለጸን መኣዲ ድማ ኢንተር ኮለጅ ኮይኑ እዩ ጸኒሑ። ኣብ ኢንተር ኮለጅ ተመሃሮ ሓድሕድ ሌላ ዘዕብይሉ፡ ተውህብኦም ብምልላይ ዘኾላዕልዕሉ፡ ካብ ትምህርቲ ወጻኢ ዘለዎም ዓቕምን ብቕዓትን ዘንጸባርቑሉ መድረኽ እዩ።

ስነዳት ኢንተር ኮለጅ ምስ እትፍትሽ፡ ተመሃሮ ነቲ ኣጋጣሚ ማዕረ ክንደይ ከም ዘስተማቕርዎን ከምዝግደስሉን ኢኻ ትዕዘብ። ኣብቲ ውድድራት ዕዉታት ኮይኖም ንምውጻእ ዝገብርዎ ተወፋይነትን ጻዕርን ድማ ኣብነት ናይዚ እዩ። ስም ኮለጆም ተጸዊዓ እንክሰምዑ ዘንጸባርቕዎ ሓጎስ እውን መርኣያ ናይዚ እዩ። እዚ ዓቢ ፈስቲቫል እዚ፡ ንተመሃሮ ካብ ትምህርቲ ወጻኢ፡ በቲ ማሕበራዊ ጥበባት ጸሪቡን ሃኒጹን ናይ ምውጻእ ሓይሊ ከም ዘለዎ፡ ነቶም በዚ መድረኽ ሓሊፎም ዓበይቲ ስነ-ጥበበኛታት ኮይኖም ዘለዉ ሰባት ምስ ተዓዚብካ እትግንዘቦ ሓቒ'ዩ።

በዚ ምኽንያት እዩ እምበኣር፣ ሃማመተኤ ነዚ ዓቢ ኣገዳስነት ዘለዎ ኣጋጣሚ ምስ ኩለን ኮለጃት ብምትሕብባር፡ ገዚፍ ባጀት ሰሊዑ ብዙሕ እዋን ከሰላስሎ ዝርአ። ሎሚ ዓመት እውን ኢንተር ኮለጅ ንኽካየድ ነዊሕ ምድላዋት ተገይሩ እኳ እንተነበረ፡ ብሰንኪ ጸበት ግዜ ግና ክካየድ ኣይከኣለን። ኣብ ክንድኡ ግና ንኣዋርሕ ዝርግሐ ዝነበሮ ኣብ ውሽጢ ኮለጃት ማለት ዲፓርትመንትታት (ክፍልታት ናይቲ ኮለጅ) ዝተኻየዱ ውድድራትን ባህላዊ መሰናድኦታትን ተኻይዱ ነይሩ። እዚ ኮለጃት ኣብ ውሽጠን ዝገብርኦ ፈስቲቫል ብኢንትራ-ኮለጅ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ሎሚ ዓመት ኣብ ሸዱሽትአን ኮለጃትና ብልዑል ደረጃ ተኻይዱ። ብዛዕባ እዚ ኣብ ኩሉን ኮለጃትና ዝተኻየደ ውዕዉዕ ንኡስ ፈስቲቫል፡ ንሓደ ካብ ኣወሃሃድቲ ናይቲ መደብ ዝኾነ መንእሰይ ሚሮን ኣብርሃም ኣዘራሪብናዮ ኣለና፡ ሰናይ ምክትታል።

❖ ሓፈሻዊ ስእሊ መታን ክንሕዝ፡ ኣብ መንጎ ኢንተር-ኮለጅን ኢንትራ-ኮለጅን ዘሎ ፍልልይ ከተብርሃልና?

ኢንተር-ኮለጅ ክንብል ከለና፡ ኮለጃት ንኣዋርሕ ዝቐጸለ ውድድራት ድሕሪ ምክያድ፡ እተን ዕዉታት፡ ኣብ ሓደ ኮለጅ ወይ ድማ ኣብ ሓደ ቅርዓት ብምርኻብ ዓቢ ውድድር ዝገብራሉ ናይ ፈስቲቫል ግዜ ማለት እዩ። ኢንትራ-ኮለጅ ክንብል ከለና ግና ኮለጃት ኣብ ገዛእ ርእሰን ዝገብርኦ ዝተፈላለዩ ውድድራትን ባህላዊ መሰናድኦታትን ዘጠቓለለ እዩ። ብሓፈሻ ኢንትራ-ኮለጅ ንእሽተይ ኢንተር-ኮለጅ እዩ። ቅርጹን ኣካይድኡን ግና ልክዕ ከም ናይ ኢንተር-ኮለጅ እዩ።

❖ ስለምንታይ እዩ ሎሚ ዓመት ኣብ ክንዲ ኢንተር-ኮለጅ፡ ኢንትራ-ኮለጅ ክካየድ ተደልዩ?

ከም መደብ ኢንተር-ኮለጅ ክካይድ እዩ ኣብ ሓሳብን ውጥንን ሰፊሩ ነይሩ። እንተኾነ ኮለጃት ኣብ መንጎ ናይ ክፍለ-ትምህርተን ግዜ፡ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና (ማትሪክ) ክፈትና ንልዕሊ ዓሰርተ መዓልታት ክቋርጻ ስለዝተገደዳ፡ ግዜ ተሓጻጺሩ።





ንኢንተር-ኮለጅ ዝኸውን ግዜ ክርከብ ስለዘይተኻእለ ድማ ብደረጃ ኢንትራ-ኮለጅ ክኸውን ተወሲኑ።

❖ ኣወዳድባ ናይዚ ኢንትራ-ኮለጅ ከመይ ከም ዝነበረ ከተዕልለና።

ሎሚ ዓመት እዚ ናይ ኢንትራ-ኮለጅ ንጥፈታት ብሰፍሕ ዝበለ ኣገባብ እዩ ተታሒዙ። ሰፋሕቲ ንጥፈታት እውን ተሰላሲሎም። ኮለጃት ነቲ ኣብ ውሽጠን ክካይድኦ ዝወርሓ ዝተፈላለየ ውድድራት፡ ሓንቲ መዓልቲ ብምምራጽ፡ ከም ናይ መዛዘምን ፈስቲቫልን ኣጋጣሚ ብምሕሳብ ብድሙቕ ኣገባብ ኣብዒለናኦ። ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ እቲ ናይ መዛዘሚ ዕለት 31 ግንቦት ክትኮነሎም ክመርጹ ከለዉ፡ ኮለጅ ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠት ዓዲ ቐይሕ ድማ ዕለት 1ን 2ን ሰነ ክክትኮነሎም መሪጾም። ኮለጅ ምህንድስና ማይ ነፈሒ ዕለት 4 ሰነ፡ ዕለት 5 ሰነ ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ነፍሒ፡ ዕለት 7ን 8ን ሰነ ኮለጅ ጥዕና ኦሮታ ከምኡ'ውን ኮለጅ ምድላው መምህራን ድማ ዕለት 9 ሰነ ብምምራጽ ድሙቕ ናይ መዛዘሚ መደብ ኣካይዶም።

❖ ኣብዚ ናይ መዛዘሚ መደብ እንታይ እንታይ ንጥፈታት እዮም ተሰላሲሎም?

ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽኩልካ፡ ኣብ ኩለን ኮለጃት ዝተኻየዱ ንጥፈታት ሓደ ዓይነትን ዝተማእከሉን እዮም ነይሮም። ኣብቲ ናይ መዛዘሚ መዓልቲ ድማ ምርኢት ኤግዚብሽን፡ ትምህርታዊ ውድድራት፡ ሰሚናር፡ ናይ ፍጻመ ጸወታ ስፖርታዊ ውድድራት፡ ከምኡ'ውን ብስነ-ጥበባዊ መሰናድኦታት ዝወቀበ ናይ መዛዘሚ መደብን ምዕዳል ሽልማትን ተኻይዱ ነይሩ። ብሓፈሻ ግና ብርክት ዝበሉ ውድድራት እዮም ተሰላሲሎም። ብተናጸል ክንርእዮም ንኽእል ኢና። ባህላዊ መሰናድኦታት፤ ንውድድር ግጥሚ፡ ሓጺር ዛንታ፡ ያታዊ ቁንጅናን ቅዲ ኣላባሳትን ኣጣቓሊሉ ተሰላሲሉ። ካልኣይ ውድድር ትምህርታዊ ውድድር እዩ ነይሩ። ኣብ ትምህርታዊ ውድድራት፤ ክትዕ ብቛንቋ እንግሊዝኛ፡ መደረ ብቛንቋ ትግርኛን ዓረብን፡ ፖለቲካዊ ትንተናን መጽናዕታዊ ጽሑፋትን ተጠቓሊሎም ነይሮም። ሳልሳይ ውድድር ድማ ምርኢት ኤግዝቢሽን እዩ። ኣብ ምርኢት ኤግዝቢሽን ዲፓርትመንትታት (ክፍልታት) ዓውድታት ትምህርተን እንታይ ከም ዝመስል ከንጸባርቓ ፈቲነን። ምስሊ ማሕበር ድማ ኣካል ናይዚ ውድድር እዩ ነይሩ። ምስሊ ማሕበር ክንብል ከለና፡ ንጥፈታት ማሕበር ኣብ ኮለጃት እንታይ ከም ዝመስል ብዝተፈላለዩ ሜላታትን ኣገባባትን ዝተንጸባረቐሉ ንጥፈት እዩ ነይሩ። ቅርጻን ቅብኣን እውን ኣካል ናይዚ ውድድር ኤግዝብሽን ነይሮም። እቲ ራብዓይን ኣገዳስን ውድድር ድማ ስፖርታዊ ንጥፈታት እዩ። ኣብዚ ስፖርታዊ ንጥፈታት ውድድር ኩዑሶ እግሪ፡ ኩዑሶ መርበብን ኩዑሶ ሰኪዔት ብኽልቲኡ ጾታ ብልዑል ወኒ ተኻይዱ ነይሩ።

❖ ኣብዚ ዝተሰላሰለ ናይ ኢንትራ-ኮለጅ ንጥፈታት፡ ኣበርክቶ ማሕበርን ካልኦት ኣካላትን ከመይ ይግለጽ?

እዚ ናይ ሎሚ ዓመት ኢንትራ-ኮለጅ ብዝተወደበ ኣገባብ እዩ ተኻይዱ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ኣብ መጀመርያ ኣብ መንጎ ላዕለዋይ ትካላት ትምህርትን ሃማመተኤ ዞባ ሳዋን ላዕለዋይ ትካላት ትምህርትን ብርክት ዝበሉ ርክባት ተኻይዱ ብምንባሩ እዩ። እቲ ናይ ምውህሃድ ንጥፈት ማሕበር ክዓሞ ከሎ፡ ኮለጃት ድማ ናታቶም ኮሚተታት ብምውጻእ እቲ ንጥፈታት ብድሙቕ ኣገባብ ክሰላሰል ዓቢ ኣበርክቶ ገይሮም እዮም።

❖ ጽልዋ ናይዞም ክሰላሰሉ ዝቐነዩ ንጥፈታት ኢንትራ-ኮለጅ ከመይ ትገልጾ?

እቲ ልክዕ ንምዝራብ፡ ቀሊል ዘይኮነ ጽልዋ እዩ ዘለዎ። እቲ ቀዳማይ ነገር፡ ተመሃሮ ካብቲ ግዜ ዘይህብ ትምህርቶም፡ ንቕሩብ ግዜ ግልል ኢሎም ዝዛነዩሉ፡ ውሽጣዊ ባህጎምን ዝንባለኦምን ዘንጸባርቑሉ ብምዃኑ፡ ኣብ ተመሃሮ ዓቢ ጽልዋ እዩ ዝፈጥር። ደረጃ ናይቲ ጽልዋ ድማ በቲ ዘንጸባርቕዎ ናይ ምውድዳር መንፈስ፡ ናይ ምግባር ወንን ዘንጸባርቕዎ ፍስሃን ክትግምግሞ ይከኣል እዩ። ካብዚ ሓሊፉ'ውን እዚ ናይ ኢንትራ-ኮለጅ ንጥፈታት ንኩሎም ማሕበረ-ሰብ ኮለጅ ዘጠቓልል ስለዝኾነ ዓቢ ጽልዋ እዩ ዘለዎም። እቶም ብዝተፈላለየ ምኽንያት ዝንባለኦም ከንጸባርቑ ዘይከኣሉ ሰራሕተኛታት ኮለጃት እውን ውሽጣዊ ድሌቶም ዘንጸባርቑሉ ባይታ ስለዝረኸቡ፡ ጽልዋ ናይዚ ፈስቲቫል ካብ ተመሃሮ ዝሓልፍ እዩ። ኣብ ከባቢ ናይተን ኮለጃት ዝርከባ ቤት ትምህርታት እውን ተኻፊልቲ ናይቲ እንግዶት ክኾና ስለዝበቕዓ፡ ዘፈጥሮ እወታዊ ጽልዋ ኣዝዩ ዓቢ እዩ። እዚ ማለት ተሳትፎ ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃን ትሕቲኡን ብፍላይ ንኤግዚቪሽን ኣብ ዝጠዓዓሙ ዓውድታት ኣዝዩ ግሉሕ እዩ ነይሩ። ኣብ ኩሉ'ቲ ዝተዳለወ ኤግዝብሽናት እናተዛዋወሩ ምሉእ መዓልቲ ክርእይዎ እዮም ዝውዕሉ። ካልእ፡ ተሳትፎ ኣብ ከባቢ ናይተን ኮለጃት ዝነብሩ ህዝቢ ኣዝዩ ዝምስገን እዩ ነይሩ። ብፍላይ ኣብ ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ኣብነታውያን ሓረስቶት ከይተረፉ እዮም ነቲ ፈስቲቫል ተሳቲፈሞ።

❖ ተወሳኺ ክትብሎ ትደሊ ነገር እንተ'ሎ?

ከም ኣካል ናይዚ ፈስቲቫል ኣብ ኩለን ኮለጃት ሰሚናር ይካየድ እዩ። ሎሚ ዓመት ኣብ ኩለን ኮለጃት ኣብ ሓደ ኣርእስቲ ኣተኩሩ ተኻይዱ ነይሩ። ኣዝዩ መሳጥን ኣገዳስን ሰሚናር ድማ ነይሩ። ናይ ኩለን ኮለጃት ተሳታፍነትን በቲ ዘንጸባረቕኦ ባህጊ ናይ ፍልጠትን ድማ ተመሲጠ። ከምዚ ዓይነት ባህሊ፡ ኣገዳስን ክሹስኮስን ዘለዎ ምዃኑ እየ ዝኣምን።

❖ ስለ'ቲ ዝሃብካና ሓበሬታን ግዜን ነመስግን። የቐንየልና!

***


ኢንጂ. ሚካኤል በርሀ
ህዝባዊ ርክባት ሃማመተኤ

# ስለ ሃገርን ህዝብን

ጥዑምዝጊ ተስፋይ


ካልኣይ ክፋል

ኣብ መስከረም 1975፡ ኣብ ባምብቆ ኣብ ዝተገበረ ዳግመ ስርርዕ እታ “104” እትብሃል ዝነበረት ኣሃዱ፡ ስማ ናብ “62” ተቐይሩ፡ ዕማማ ስርሒታት ፈዳኢን ናይ ምሕንጻጽን ምፍጻምን ኮነ። እዛ ኣሃዱ “ናርያ” ተባሂላ እውን ትጽዋዕ ነበረት። ሓላፊ ናይ’ዛ 30 ዝኾኑ ተጋደልቲ



ስዉእ ኣማኑኤል መብራህቱ (ወዲ ባሻይ)

ዝሓቑፈት ኣሃዱ ስዉእ ኣብርሃም ተኽለ (ወዲ ዓንደለ) ነበረ። እታ ኣሃዱ ጸጥታ፡ ስርዓትን ቀንጠብን ዝብሃሉ ኣካላት ነበሩዋ። በዚ ድማ ኣማኑኤል መብራህቱ (ወዲ ባሻይ)፡ ተወልደ



ስዉእ ኪዳን ኣልኣዛር (በለዛ)

ጉብረእግዚኣብሄር፡ ኤልሳ ኣማረ፡ ተስፋይ በላይን (ወዲ በላይ) ካልኦትን ናይ ከተማ ጸጥታ ኮይኖም ተመደቡ። ዘምህረት የውሃንስ፡ ስዉእ ፍስሃየ ስለሙን፡ ወይኒ ሓጎስ (ነጨ)፡ ጉብረኣብ ባህልቢ፡ ሕድራይ ፍስሃ፡ ስዉእ ዳዊት ፍስሃየ፡ ስዉእ ሃብቱ ክፍለማርያም ዝርከቡዎም ድማ ኣባላት ስርዒት ከተማ ኮኑ።

እዞም ምዕቃት ተቓለስቲ፡ ዝተፈላለየ ምስሊ ብምቅያር፡ ህዝቢ ብዘጉብረሎም ዝነበረ ምትሕግጋዝ ኣብ ምዕናው ትካላት መንግስቲ፡ ምቕንጻል ሃሱሳት፡ መሳርሒ ጸላኢ ዝኾኑ ሓደገኛታት ሰባት፡ ምምዕዛ ንሰውራ ዘገልግል ንብረትን ካልእን ብንጥፈት ይዋስኡ ነበሩ። ኣብዚ ልዑል ትብዓትን ጥንቃቐን ዝሓትት ሓደገኛ ዕማማት ውሑዳት ዘይኮኑ ብሉጻት ተቓለስቲ ተሰዊኣም’የም። ብጸላኢ ተታሒዞም ተረሺኖም፡ ኣብ ኣለም በቃኝ ዝበለዩ እውን ይርከብዎም።

ኣብ ሓደ ቦታ ነዊሕ ግዜ ዘይጸንሕ ኣማኑኤል ወዲ ባሻይ፡ ንውሳነ ቅልጡፍን ተባዕን ምንባሩ፣ ሓንሳብ ለስተር፡ ሓንሳብ መኪና. . . ማሰሉ ብምንቅስቓሱ፡ ንጸላኢ ናይ ምድንጋር ፍሉይ ጥበብ ከም ዝነበሮ ፈለጥቱ የዘንትዉ። ብጸላኢ ንዝተጠርጠሩ ወይ ዝተቓልዑ ሰሩዓት፡ ብቕልጡፍ ናብ ገድሊ ከም ዝወጹ ኣብ ምግባር ድማ ምስ ብጾቱ ዓቢ እጃም የበርከተ ምንባሩ ይንገረሉ።

ኣማኑኤል፡ ብዙሕ ግዜ ካብ ከቦ ጸላኢ ኣምሊጡ እዩ። ኣብ 1976 ኣብሉ፡ ካብ ኣዲስ ኣበባ ንዘመጽኡ መቓልስቶም ኣብ ኣየርፖርት ክቕበል ፈያት ቸንቶ ቤንቲ ቺንኰ መኪና ሒዙ እናኸደ ኣብ ኣፍደገ እንዳ ወዲ ዓይባይ መኪናኡ ደው ኣቢሉ ሸንቲ ቤት ኣተወ። ንሱ ክወጽእን ብረት ዝዓጠቑ ወተሃደራት ናብ’ቲ ቦታ ክኣትዉን ድማ ሓደ ኮነ። እቶም ዕጡቓት “እዚህ ኣከባቢ መኖሩ ኣይቀርም” እናበሉ ክዘራረቡ ምስ ሰምዖም ንሱ ደልዮም ከምዝመጹ ተረድአ። ብድፍረት ትኽ ኢሉ ወጸ እሞ፡ ግርማይ ዝተባህለ ብጻዩም ፖልክስዋገን ሒዙ ጸምብር ምስ በሎ፡ ትራፊክ “የዚች መኪና ባለቤት ማነው?” ኢሉ እናሓተቶም “እንድዲ ኣይፈለጥናን” ኢሎም ኣብ’ታ ፖልክስዋገን ተሳፊሮም መኪና ወዲ ባሻይ ገዲፎማ ብቕልጡፍ ካብ’ቲ ቦታ ኣምለጡ።

ኣብ መስከረም 1976 ኣብሉ’ውን ወዲ ባሻይ፡ ወዲ ዓዋተ፡ ተኽለኣብ (ቫይናክ)፡ ኣርኣያ ዝርከቡዎም ፈዳኢን ተጋደልቲ ሓርነትን ህዝባዊ ግንባርን ኣብ ዕዳጋ ሓሙስ (ከባቢ ባር ትብለጽ)፡ ትኳቦ ንዝተባህለ ኣብ ስራሕ ፈዳኢን ዓንቃፊን ሓደገኛን ዝነበረ ሓላፊ ኖጮ ለባሽ ንምቕንጻል ኣብ ዘየደዱዎ ስርሒት፡ ኣብ’ቲ ከባቢ ዝነበሩ ሓለውትን ዓጀብትን ምስ ከበቡዎም ተኾሲ ስለ ዝተኸፍተ፡ ቫይናክን ወዲ ዓዋተን ብጥይት ወተሃደራት ተሃርሙ። ብዓል ወዲ ባሻይ፡ ብትብዓት እናተዋግኡ ንብጾቶም ከምዝወጽኡ ድሕሪ ምግባር፡ ወዲ ባሻይ፡ ናብ ሓደ ገዛ ነጢሩ ብምእታው፡ ኣብ ስልኪ ተሰጢሑ ዝጸንሐ ቀሚሽ ተኸዲኑን ኣብኡ ዝጸንሐ ቖልዓ ሓቝፉን ብምምሳሉ፡ ካብ ከበባ’ቶም ወተሃደራት ወጺኡ ብታክሲ ኣምለጠ።

ሓደ ግዜ እውን ኣብ ከባቢ ፋርማቻ ሓማሴን፡ ዕማሙ ንምፍጻም እናተንቀሳቐሰ ከሎ፡ ሓበሬታ ዝጸሓፎም ናይ ጸጥታ ሰባት ብቐረባ ይከታተሉዎ ነበሩ። ነዚ ምስ ተረደአ፡ ኣብ’ቲ ከባቢ ደው ካብ ዝበላ መኻይን ንሓንቲ ብኣቋራጭ ኣተንሲኡ ሒዙዋ መርኒቶ ድሕሪ ምብጻሕ፡ ካልእ መኪና ቀይሩ፡ ናብ መናኸርያ ገጹ ብምብራር ከም ዝተሰወረን፡ ኣብ’ቲ ዕማም ምስኡ ዝነበሩ ሰሩዓት ይገልጹ። ኣማኑኤል በቲ ሓያል ናይ ምውዳብ ክእለቱ ንሓደ ኤርትራዊ ኣባል ፖሊስ ናይ’ቲ ስርዓት ብምውዳብ፡ ኣብ ግዜ ስርሒት ይኹን ምንቅስቓስ፡ ከም ሓለዋን ጉልባብን ይጥቀመሉ ምንባሩ ፈለጥቱ የዘንትዉ።

ሓደ ዕለት፡ እቲ ብኣማኑኤል ተወዲቡ ምስ ሰውራ ክተሓባበር ዝጸንሐ መራሒ መኪና ፖሊስ ወዲ ነጋሽ፡ ከም ወትሩ ኣብ’ቲ ልሙድ ሰዓቱ መኪናኡ ሒዙ ናብ ውድባዊ ስራሕ ምስ ወፈረ፡ ቦማባታት ኢድ ናብ ኪዳነ ምህረት ክበጽሕ ተሓበሮ። ቦምባታት ዝሓዘ ዘንቢል ኣብ መኪናኡ ጸዒኑ ድማ ኪዳነ ምህረት በጺሑ ነተን ሰሩዓት ዝበራ ፋይቶት ኣረኪቡ ተመልሰ። ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ግን፡ መኪና ናይ ፖሊስ ካብ ሰዓታት ስራሕ ወጻኢ ኣብ ከባቢ ኪዳነምህረት ክትንቀሳቐስ ዝተኸታተሉዋ ሰራሕተኛታት ጸጥታ ኢትዮጵያ፡ ካብ ኣጂፕ፡ ናብ ሓላፊኡ ቴለፎን ብምድዋል ሓተቱ። ሓላፊኡ ሻምበል ተስፋየ ንወዲ ነጋሽ ጸዊዑ “ሒዝካያ ዘለኻ መኪና፡ ቀትሪ ኣብ ኪዳነምህረት ከም ዝተራእየት ካብ ኣጂፕ ተደዊሉልና ኣሎ። ስለምንታይ ናብኡ ከም ዝኸድካ መልሲ ሃበ” በሎ።

ወዲ ነጋሽ ከይተረበሸ “ወለደይ ፍሉጦም ስለዝተሸገሩ ክዕድግ ከይደ ነይረ” ክብል ኣመኽነዩ። ሻምበል ተስፋየ “ኣነ ንሕጂ ኣሚነካ ኣለኹ፡ እንተኾነ ግን ካብ ኣጂፕ እዩ ተደዊሉልና ዘሎ” ክብል፡ ንዘመጽእ ሳዕቤን ተሓታቲ ምዃኑ ዘመልክት ዘረባ ደርበየሉ። ሃይለ ነጋሽ፡ እቶም ደወልቲ ብኡ ሰቕ ከምዘይብሉ ነገራት ክጽርዩ ከም ዝኾኑ ተገንዘበ። ሓደገኛ ሳዕቤን ከምጽኣሉ ስለዝኽእል ድማ፡ ምስ በዓል ኣማኑኤል ተዘራረበሉ። ካብኡ ንንጸው ኣብ ኣስመራ ምጽንሑ ውሕስነት ስለ ዘይነበሮ ከኣ፡ ናብ ሜዳ ክወጽእ ተሓበሮ። ብኡ ንብኡ፡ እቲ ስርዓት ዝሃቦ ኣዚን ሸጉጥን ሒዙ፡ ብኣማኑኤል ወዲ ባሻይ ተሰንዩ፡ ብኣርባዕተ ኣስመራ ኣቢሉ ንሜዳ ወጽአ።

ወዲ ባሻይ፡ ንወለዱን ኣሕዋቱን’ውን ብዘርደኦምን ብዘይርደኦምን መገዲ ኣብ ሃገራዊ ቃልሲ ከም ዝኣተዉ ገይሩ እዩ። ንገዛ ናይ ወለዱ፡ ከም መዕረፊ፡ መራኸቢን መጠለሊን መሳርሒቱ ኣባላት ፈዳኢን፡ ከምኡ ድማ መቐመጢ ንብረት ሰውራ ይጥቀመሉ ነበረ። ዋላ’ኳ ምንቅስቓስ ናይ’ዞም ፈዳኢን ብስቱር ይሰላሰል እንተነበረ፡ ገዛ ባሻይ መብራህቱ፡ ቡቶም ኣብ ከባቢኦም ዝነበሩ ትግራዎትን ሃሱሳትን፡ ተጠማቲ ምዃኑ ኣይተረፈን። ስለ’ዚ ኸኣ፡ እታ ስድራ እውን ወትሩ ኣብ ድኑ ሓደጋ ነበረት።



ስድራ ባሻይ መብራህቱ ኣብ 50ታት

ገለ ካብ’ቲ ካብ 1975 ክሳብ መወዳእታ 1977 ካብ ማእከል ኣስመራ ዘውጽእዎ ንብረት ንምጥቃስ ዝኣክል፡ ኣብ ከባቢ ፖስታ ካብ ዝነበረ እንዳ ክዳውንቲ ፒትለስ ጎልፎታት፡ ኣብ ዓዲ ሰጉዶ ካብ ዝነበረ ሸትረናሪ መሳርሒታትን መድሃኒታትን፡ ካብ ኣኽርያ ናይ ጠላይን ኩቡቲ፡ ካብ ኣፍደገ ሰምበል ብጦርሰራዊት ዝሕለዋ ዝነበራ ስታላታት፡ ካብ ቤት ትምህርቲ ገዛ ከሬሻ፡ ፕሪንትርን ኮፕየርን ካልእ ናይ ጽሕፈት መሳርሒን፡ ካብ ጥቓ ቃኘው ዝነበረ ትካል ‘ኣጀካ’ መሳርሒታት ሕክምናን መድሃኒታትን ይርከቡዎ። ብዘይካ’ዚ ኣጸዋርን ተተኮስትን ብቶጻለ ድማ ሽጋራ፡ ሽኮር፡ ቀጽሊ ሻሂ፡ ኮንን ዝኣመሰለ ንተጋደልቲ ዘድሊ ቀንጠመንጢ፡ ምስ ሰሩዓት ብምትሕብባር፡ እንሓንሳብ ኣብ ጨው ቀትሪ፡ ካልእ እዋን ድማ ብለይቲ ናብ በረኻ ኣማዕዚዎም እዮም።



ወ/ሮ ገነት በየነ

ኣብ ሓምለ 1977 ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ብታሕዎት ተጋደልቲ ዝተበገሰ “ፋሉል” ተባሂሉ ዝፍለጥ ምንቅስቓስ ተፈጥረ። ኣብዚ ዝተጠቕሰ እዋን ኣብ ውሽጢ ውድብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተፈጥረ ቅልውላው ቀሊል ኣይነበረን። ገለ ተጋደልቲ ተቐቲሎም፡ ሓያሎ ተኣሲሮም፡ ሓያሎ ናብ ህዝባዊ ግንባር ተጸንቢሮም፡ ውሑዳት ድማ ንጸላኢ ኢዶም ሂቦም።

ሽዑ እዋን ኣዲስ ኣበባ ነይሮም ናብ ኤርትራ ብምምላስ ጸዓዘጋ ዝኣተዉ ብዓል ወዲ ባሻይ’ውን ምስ’ቲ “ፋሉል” ዝተሰምየ ጉጅለ ‘ርኽብ ኣለዎም’ ተባሂሎም ስለዝተጠርጠሩ ብረቶም ከውርዱ ተኣዘዙ። ዕለታዊ ወረ ማእሰርትን ቅትለትን ተጋደልቲ ዝሰምዓሉ ግዜ ስለዝነበረ ድማ፡ ኣማኑኤልን ብጾቱን ህይወቶም ኣብ ስግኣት ከምዝወደቐ ተገንዘቡ። ስለ’ዚ ድማ፡ ስዉእ ኣማኑኤል፡ ስዉእ ተስፋይ በላይ፡ ብዙሓት ካልኦትን ዝርከቡዎም ኣባላት ፈዳኢን፡ ቡበመገዶምን ምስ ብረቶም ካብ ጸዓዘጋ ናብ ኣስመራ ኣተዉ። ምስ’ቶም ብስውር ናብ ኣስመራ ኣትዮም ንጸላኢ ኢዶም ከይሃቡ ዝንቀሳቐሱ ዝነበሩ፡ ብዓል ኪዳነ ዓንደማስቀል ዝመርሕዎም 30/40 ዝኾኑ ተጋደልቲ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ድማ ተጸንበሩ።

እዞም ተጋደልቲ፡ ካብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተኸሊሎም፡ ንበይኖም እናተንቀሳቐሱ፡ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ስርሒታት ከካይዱ ይፍትኑ ነበሩ። ብዘይ ሓበሬታን ደገፍን ውድብ ይንቀሳቐሱ ብምንባሮም ከኣ፡ ብዙሕ መኻልፍን ሓደጋን ኣጋጠሞም። ንዝተወሰነ እዋን ኣብ ከም’ዚ ዝበለ መሪሕን ኣማእዛዝን ዘይብሉ ኩነታት ድሕሪ ምጽንሖም ከኣ ከም’ኡ ኢልካ ኣብ ውሽጢ ጸላኢ ምቕጻል ከም ዘየዋጽእ ስለ ዝተሰወጦም፡ ካብ ኤርትራ ዝወጽኡሉ መገዲ ከሰላስሉ ጀመሩ። እታ ኣባሎም ዝነበረት’ሞ፡ በቲ ዝተፈጥረ ናይ ፋሉል ኩነታት፡ ብተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ፈለማ ናብ ጋሽ ባርካ፡ ጸኒሓ ድማ ናብ ሱዳን ዝተቓየረት ገነት በየነ፡ ደሃዮም ክትገብር ብሕቡእ ናብ ኣስመራ መጺኣ ነበረት። ሓሳቡቶም ምስ ኣካፈሉዋ ድማ፡ ሰናይ ይኹን ግናይ ምስኣቶም ክትካፈሎ ከም እትደሊ ገሊጻ ኣብ’ቲ መደብ ኣተወት። በዚ ድማ ፈለማ ገነት በየነን ኣማኑኤል መብራህቱን ክበገሱ፡ እቶም ካልኦት ከኣ ብድሕሪኦም ክሰዕቡ ወሰኑ።

ነቲ ስርሒት ንምትግባር ምድላዋት ምስ ጀመሩ፡ ወዲ ባሻይ፡ ንተጋዳሊት ገነት በየነ ምስ ሓፍቱ ሳባ መብራህቱ ኣላለያ። ሳባ፡ ገነት ኣብ እትገብሮ ምንቅስቓስ ንኽተሰነያን ጉልባብ ንኽትከውናን እያ እቲ መደብ። ምድላዋቶም ምስ ኣጻፈፉ፡ ኣብ ኑሓስ 1977 ክልቲኦም፡ ቀላቲ በየነ ብዝመርሓ ቸንቶ ቤንቲ ኳትሮ መኪና፡ ኣብ ከባቢ ኣምፐሪያል ካብ ዝርከብ ቤት፡ ናብ ኣየርፖርት ኣምርሑ። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ይኹን ኣብ ጉዕዞ ንዘጋጥሞም ጸገም ውሕስነት ክኾኖም ዝኽእል ብረትን ጠያይትን ኣብ’ቲ ተሰፋዩ ብውሽጢ ሻርኔራ ዝተገበረሉ ቦርሳ ናይ ኣማኑኤልን ገነትን ነበረ። በቲ ዝተጠቕሙዎ ጥበብ ክሓልፉ እንተ ክኢሎም ዕድለኛታት’ዮም። እንተ ተረኺቦም ግን፡ ዳርጋ ናይ ምምላጥ ዕድል የብሎምን። ስለ ዝኾነ ድማ፡ እቲ ፍጻመ ናይ መወዳእታ ዕድሎም ይመስል ነበረ።

ክልቲኦም ካብ መኪና ወሪዶም



ስዉእ ተወልደ ካሕሳይ (ወዲ ዓዋተ)

ናብ ኣየርፖርት ኣተዉ። እቲ ኣብ መኪና ብረት ካሻሽን ሓቢኡ ኩነታቶም ንኽከታተል ዝሰዓዮም ቀላቲ በየነ ኣብ ደገ ተሪፉ ኩነታት ይከታተል ነበረ። ኣማኑኤልን ገነትን ከቢኦም እናተኸታተሉን ብጥንቃቐን ናይ ወረቓቕቲ ጉዳይ ኣሳሊጦም ናይ ይሕለፍ ማሕተም ምስ ተሃርመሎም፡ ናብ መቐበሊ ኢጋይሽ ንኽኣትዉ ናይ መወዳእታ ተፍትሽ በጽሑ። ሓደ ካብ መሰናኽል ተሰጊሩ። ዝስዕብ ሳንጣታቶም ከይተፈልጠ ይሓልፍዶ ኣይሓልፍን ዝብል ሓደገኛ ትጸቢት እዩ።

ናይ ኣማኑኤል ሳንጣ ምስ ብረቱን ጠያይቱን ተፈቲሹ ሓለፈ። ከም’ቲ ክጠበቕ ከለዉ ዝተሓበሮም፡ ተፍትሽ ምስ ሓለፉ፡ ኣማኑኤል ተደላዪ ብምንባሩ፡ ነፋሪት እትብገሰሉ ሰዓት ክሳብ ዝኣክል ኣብ ሽንቲ ቤት፡ ገነት ድማ ኣብ’ቲ ናይ ህዝቢ መጸበዪ ክትጸንሕ ስለዝነበሮም፡ ኣማኑኤል ናብ ሽንቲ ቤት ክኣቱ ከሎ፡ ገነት ምስ ህዝቢ ምጽባይ ቀጸለት።

እታ ፈታሺት ኣብ ናይ ገነት ቦርሳ በጺሓ እናፈተሸት ከላ፡ ኣብ ውሽጢ ሻንጣ ሻርኔራ ብምርኣያ ተጠራጢራ ኣጸቢቓ ክትፍትሽ ነቲ ሻርኔራ ከፈተቶ።

ይቕጽል

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ለድያ በራኺ ሃይሉ ኣቦና ከሎ/በራኺ ሃደለ ወልደሚካኤል ስለዝተሰወኡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወራሲቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ኣቶ ቴድሮስ ተኽስተ ስሎሙን ኣቶ ተፈሪ ተኽስተ ስሎሙን ኣቦና ኸፍ/ተኽስተ ስሎሙን ብሓዚ ዝበደፈልና ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 3 ምም/11 ቁ/ገዛ 48 እቲ ፍርቂ ብጽሒተይ ኸፍ/ር ተኽስተ ስሎሙን 300 ት/ሜትር ክልተ ገዛን ሓደ ክሽነን ሓደ ዓይኒ ምድርን ከምኡ'ውን ባዶ መሬት ዘይተሰርሐ ዘለዎ ብሓዚ ንኣቶ ቴድሮስ ተኽስተን ኣቶ ተፈሪ ተኽስተን ስለዝበደፈልና ይጽደቐልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ኮኾብ ኢያሱ መንግስትኣብ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣንገሶም ገብረሂወት፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን26/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ተኸሳሲት ልዋም ግርማይ ተስፋይ፡ ብኸሳሲት ወረ/ፍ ሙኮሙት ኣልመደም/ወረ/ፍ ኣብርሀት መንግስቱ ኣቶ ዳዊት ጎይትኦም ማና ንምቕሊት ውርሲ ዝምልከት ክሲ ኣብ ልዕሌኺ ተመስሪቱ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.39 5ይ መጋባእያ ቕረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ኣለም ዘርኡ ገብረሂወት፡ ብዓል ቤተይ ተኽለ ገብረመድህን ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቂ ድማ ወራሲቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ኣመልካቲ ኣቶ ኣስገደ ብርሃ፡ ኑቲ ኣብ ዞባ 5 ን/ዞባ 01 ዝርከብ ቦታ ዞን 1 ብሎክ 14 ፓርስል "A" ስፍሓት 500 ት/ሜ መወከሲ 000787 ብዘሐ ክፍልታት 1ሳሎን፡ 4 መደቀሲ፡ 2 ክሽን 2 ዓይኒ ምድሪን ቀጺሉ ብኸ 1 ሳሎን፡ 4 መደቀሲ 2 ክሽን 2 ዓይኒ ምድሪን ፍሰ ወከፍ ኸናቱ ካንቸሎ ዘለዎ ብፕላኑ ዝተሰርሐ፡ ህያብ ወሂቢት ወ/ሮ ሌታይ ገብረ ባይሩ ብዕለት 23/4/2008 ብመዝ/ቁ 105/2008 ብወህብቶ ስለዝሃበኒ፡ እዚ ገዛ ናብ ስመይ ከመሓላለፍ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣመልካቲት ወ/ሮ ትብለጽ ሃብቶም ስሎሙን፡ ብዓል ቤተይ ዓንደስላሴ ገብረመድህን ኣፈወርቂ ስለዝዓረፈ፡ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ ሳባ ዓንደስላሴ ገብረመድህን +7 ደቂ ድማ ወራሲቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ተኸሰስቲ ወረ/ጥዓዱ ተወልደብርሃን ሃብተማርያም 1.ኸፍ/ ዝፋን ተወልደብርሃን ሃብተማርያም ወዳ ዑቕባልደት ቀሺ ዘርኣይ 2.ወዘሸ ተ/ብርሃን ሃብተማርያም 3.ኣልጋሽ ተ/ብርሃን 4.ኣልማዝ ተ/ብርሃን ሃብተማርያም 5.ንግስቲ ተ/ብርሃን ሃ/ማርያም 6.ምስጋና ተ/ብርሃን ሃ/ማርያም 7.ጉት ተ/ብርሃን ሃ/ማርያም 8.ሮማ ተ/ብርሃን ሃ/ማርያም ብከሳሲት ወ/ሮ ሉተብርሃን ተወልደብርሃን ናይ ምቕሊት ውርሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.8 መጋባእያ ይቕረቡ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ተስፉ የማነ ሃብተሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ተስፉ የማኑ ሃብተሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ እምባደርሆ

ኣስገደት ኪዳ ግደይ፡ ብዓል ቤተይ ሰልጣን ገብረሚካኤል ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 7ደቅና ድማ ወራሲቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ሉተንስኤ ዑቕባስላሴ፡ ብዓል ቤተይ ይሕደጎ ወልደገርግስ ሰለባ ስለዝተሰወኡ፡ ኣነ ምስ 5 ደቀይ ወራሲቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሪ ሰምሃር ዐስማን መሓመድ፡ ስም ኸፍ/ኣደይ ለምለም ሰዒድ ኑር ምባል ተረፉ፡ለምለም ሰዒድ ዓንደብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ጸገ ወልደገርግስ ሃይሉ፡ ብዓል ቤተይ ብኣደማርያም ሃብተ ኣርኣያ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 5 ደቅና ወራሲቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ት/ዕድመ ሳሚኤል ዳኒኤል የማነ ብመንገዲ ሞግዚቱ ኣቦሉ፡ ሳሚኤል ዳኒኤል የማነ ምባል ተረፉ፡ እሰይ ዳኒኤል የማነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ንጸሃ ተስፉይ ሃብተ ምባል ተረፉ፡ ስሊና ተስፊ ሃብተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣብሄር ዳዊት ነጋ ምባል ተረፉ፡ ኣብሄር ዳዊት ዘበያርጋስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሳምሶም የውሃንስ ሃብተ ምባል ተረፉ፡ ሳምሶም ክብሮኣብ ሃብተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ውዳስ ጸጋይ ገለኡ ምባል ተረፉ፡ ፊሽን ጸጋይ ገለኡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ኣቶ ሓደሽ ገብረመድህን ኪዳ፡ ብዓልቲ ቤተይ መብራት ገብረማስቀል በላይ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወራሲቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ዘውዲ ገዘኢ፡ ብዓል ቤተይ ዳኘው ኣብርሃ ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቂ ድማ ወራሲቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣርያም ሃብቶም ምባል ተረፉ፡ ኣርያም ሃብተጊዮርጊስ ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

መብራሂት መኻሽ ካሱ፡ ኣቦይ ማኻሽ ካሳ ወልዱ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ 1 ጓሉ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ሃይለ ክንፈ ተሰማ፡ ኣቦይ ክንፈ ተሰማ ወልደሚካኤል ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወራሲቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተኽለ ተስፋሁነይ ግደይ፡ ብዓልቲ ቤተይ ትብለጽ ገብርሂወት ገዛህይ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ደቅና ወራሲቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ትምኒት ኩዋኛ ገዘኢ ምባል ተረፉ፡ ፍትሓዊት ኩዋኛ ገዘኢ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዘቢብ ከሰተ በርሀ ምባል ተረፉ፡ ካፒታል ተኽስተ በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዕድ

ባርያጋብር ኣርዓዶም ፈደሉ፡ ብዓልቲ ቤተይ ሉተዝቢ ባህታ ድራር ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወራሲቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

ኣቶ መሓመድ ኣሕመድ መሓመድዓሊ፡ ወ/ሮ ሓዋ ሓምድ መሓመድ፡ ስም ት/ዕድመ ደቅና 1.ኣሕለም ኣሕመድ መሓመድ 2.ኣፍራሕ ኣሕመድ መሓመድ ምባል ተረፉ፡ 1.ኣሕለም መሓመድ ኣሕመድ 2.ኣፍራሕ መሓመድ ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ደሃብት መሓመድ ዓሊ ኣሕመዲን ምባል ተረፉ፡ ደሃቢ መሓመድ ዓሊ ኣሕመዲን ተባሂሉ ይተኣረመለይ፣ ስም ኣደይ እውን ሳሊሓ መሓመድ ሓሰን ምባል ተረፉ፡ ሳሊሓ መሓመድ ሓሰን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ግደይ ዘርኣይ ኣባዩ፡ ኣደይ ሉተሚካኤል ሓጎስ ተስፋየውሃንስ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ጥራይ ወራሲቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ሰሎሙን ከፈላ ረዘ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ረዘ ተስፋይ ወልደሃይማኖት፡ ናይ መኪና ምትሕልላፍ ሰም ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ወ/ሮ ለላ ዓ/ቃድር ኣደም፡ ስም ብዓል ቤተይ ሓምድ ዓሊ ሐመድ ምባል ተረፉ፡ ሓምድ ዓሊ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ራህዋ ወልደሃንስ ሃይለ ምባል ተረፉ፡ ራህዋ ወልደሃንስ ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/7/24

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

መኻሽ ተወልደ ዘርኣጼን፡ ስም ትሕቲ ዕድመ ወደይ ኣሲያስ ተስፋይ ኣሎማዮ ምባል ተረፉ፡ ኣሲያስ ተስፋመንቀርያስ ኣሎማዮ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ፋጥና ያዕቆብ ኣረደ፡ ብዓል ቤተይ ሱሌማን ሪረጅ መሓመድ ጣሀር ስለዝዓረፈ፡ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወራሲቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣለም በረኸትኣብ ዳዊት፡ ብዓል ቤተይ ረዳኢ ዑቕባዝብሄል ሰረቀ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቂ ድማ ወራሲቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሃብተማርያም የማነ ደብሩ ምባል ተረፉ፡ ዓወት የማነ ደብሩ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሉተሚካኤል የማነ ደብሩ ምባል ተረፉ፡ፃርሳሌም የማነ ደብሩ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ክብራ ተስፋይ ናይዝጊ፡ ብዓል ቤተይ ኪዳ ኣልኣዛር ገብረስላሴ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ብርሃንመስቀል ስመረ ምባል ተረፉ፡ ቶማስ ስመረ ክንፈ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### ምስጋና



ብዘንደበታዊ ዕረፍቲ ብዓል ቤተይ ተስፋይ ሓጎስ በርሀ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ረሳ ኣብ ምፍናውን ምቕባልን ዝተሓባበርኩምን ክሶም ተራእምኒ ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ከምኡ'ውን ገዛ ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን፡፡

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ለምለም ገብርሂወት
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

ብስም ነ/ፍ ሶፍያ ዒሳ ኣሕመድ ኣብ ዞባ ማእከል ኣስመራ ዞባ 6 ምም 6 ስፍሓት መሬት 180/ሜትር ብዋዝዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 117034 መወከሲ ቁጽሪ 124809 ብቑጽሪ መዝገብ ንብረት 47555/74564 ብመሰረት ቤት ፍርዲ ሸሪዓ ዞባ ማእከል ብቑጽሪ መዝገብ 1434/2023ዝሃበዎ ውሳኔ ናብ ስም ወራሲቲ ክሰጋገር ስለዝደለና ዝቃወም እንተሎ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳኔ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

ሕጋዊ ወኪል ወራሲቲ
ኣቶ ኣሕመዲን ዒሳ ኣሕመዲን

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ በሪኽ ወኪ-ደባ ፕሎት J ቁ.ፓርሰል/ዞን 0 ፓርሰል 18 ዝርከብ ብመለለዩ ቁ.ንብረት 1:010651 ብስም ሳሙኤል ሃብተሚካኤል ሚካኤል ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ናይ ዝተመዝገበ ገዛ ግዚያዊ ሊብሬቶ ስለዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝበል እንተልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቑጽሪ ቴሌፎን 07177751 ክሕብረኒ፣ እንተዘይኮይኑ፡ መተካእታኡ ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

ወኪል ብዓልቲ ቤቱ ለድያ ረዘ

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ስፖርታዊ ውድድራት እዚ ማእከል ይቕጽል

ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ብውዕውዕ ስፖርታዊ መንፈስ ዝቐጸል ዘሎ ቅነ ስፖርት እዚ ማእከል፡ ብሰሉይ 24 ሰነ ኣብ ዞባዊ ግጥማት ኩዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ፡ ጋንታ ኣዱል ምስ እምባቶይራ ብናይ ሓቦ ዓወት 1-ብ1 ክፈላልያ እንከለዋ፡ ጋንታ ኦማል ምስ ከሎማ ኣብ ዞባዊ ግጥም፡ ጋንታ ኦማል ካብ ተጻወትታ ዕሰማን ጥኢልን የውሃንስ ማሳፍንን ብዘርከበተን ሓሓደ ሸቶታት ተሓጊዛ ንመጋጥምታ ከሎማ 2-ብ0 ኣፋንያታ።

ኣብ ኩዕሶ መርበብ፡ ፈለማ ናብ ሜዳ ዝወረዳ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ናቕፋ ምስ ሃምባል እየን ነይረን። ኣብ ቀዳማይ



ሴት ጋንታ ሃምባል ክትሰዕር ኩሉ ድሕሪ ዝተበራበረት ጋንታ ናቕፋ ኣከታቲላ ክልተ ግዜ ብምስዓራ 2-ብ1 ተዓዊታ። ሰዒቡ ዝቐጸለ ጸወታ ናይ ደቂ ተባዕትዮ፡ ጋንታ እምባቶይራ ምስ ኣዱል ኣብ ዞባዊ ግጥም፡ ጋንታ ኣዱል 3-ብ1 ንእምባቶይራ ጸብለል ክትብለ እንክሉ ድሕሪኡ ንሜዳ ዝወረዳ ከሎማ ምስ ኦማል ደማ ጋንታ ከሎማ ብዓብላሊ ጸወታ 3-ብ0 ንኦማል ከም ዝሰዓረታ ካብ ሓላ/ እዚ ማእከል ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

## ቸልሲ ንኣሌክሳንደር ኢሳቕ ትጥምት

እንግሊዛዊት ክለብ ቸልሲ፡ ንበሉጽ ኣጥቃዓይ ኒውካስል ኤርትራዊ ሽወደናዊ ኣሌክሳንደር ኢሳቕ ንምፍራም ተበግሶ ከም ዝወሰደት ማዕከናት ዜና ስፖርት የጋውሓ ኣለዋ። ቸልሲ፡ እዚ ዝሓለፈ ዓመት ስፖርት ሓደ ካብ ብሉጻት ኣጥቃዕቲ ናብ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ካብ ዝመጽኡ ሓደ ካብ ብሉጻት ኣመዝገብቲ ሸቶ ምዃኑ ከም ዘመስከረ'ዩ ዝእመነሉ። ንሱ ዋላኳ ኣብ ፋልማይ ናይ ሴንት ጄምስ ፓርክ ዓመቱ መጎዳእቲ እንተኣጋጠሞ፡ ዝሓለፈ ዓመት ስፖርት ግን ኣብ



ኤውሮጳ ምኳኑ ዘመስከረ ተጻዋታይ፡ ብልዕሊ 115 ሚልዮን ፓውንድ'ያ ናብ ስታምፎርድ ብሪጅ ክተምጽኦ ትሓስብ ዘላ። እዚ ቸልሲ ወጢናቶ ዘላ ማስርሕ ምስጓጋር እንተደኣ ከውን ኮይኑ፡ ኣሌክሳንደር ኢሳቕ ክበርወሰን ማስርሕ ምስጓጋር ተጻወትቲ ቸልሲ ክስብር'ዩ። ክበርወሰን ማስርሕ ምስጓጋር ተጻወትቲ ቸልሲ፡ ዝሓለፈ ዓመት በቲ ካብ ብራይተን ዝመጽአ ሞየስ ካይሰዶ ተታሒዙ ከም ዘሎ ይፍለጥ። ኤርትራዊ ሽወደናዊ ኣሌክሳንደር ኢሳቕ፡ ኣብ 2022 ዝተፈላለዩ ጸወታታት ማልያ ኒውካስል ወድዩ 25 ሸቶታት ከመዝግብ በቒዑ'ዩ። ካብዚ 25 ሸቶታት እቲ 21 ኣብ ፕሪመር ሊግ ዘቑጸሮ ምኳኑ ድማ ሰዓት ናይቲ ሊግ የረድኣ። ብተወሳኺ እዚ ተጻዋታይ፡ ኣብ ስታድዩም ሴንት ጄምስ ፓርክ እግሩ ካብ ዘንበረ 35 ሸቶታት ኣመዝጊቡ ኣሎ። በዚ'የም ከኣ ኣብ ማስርሕ ምስጓጋር ተጻወትቲ ኤውሮጳ ዕምቈ ዝበለ ኣፍልጦ ዘለዎም ትካላት ኣብዚ እዋን ዋጋ ኣሌክሳንደር ኢሳቕ እንተውሓደ ዕጽፊ ናይ'ቲ ኒውካስል ንሪያል ሶሴዳድ ዘለቦታ መጠን ገንዘብ ከም ዝጸሓ ዝሕብሩ። ኒውካስል እዚ ተጻዋታይ ኣብ ክረምቲ 2022 ብ63 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ሪያል ሶሴዳድ ከም ዝምጽኦ ኣይርሳዕን። ኣሰልጣኒ ኤዲ ሃዊ ንኣሌክሳንደር ኢሳቕ ብሩኖ ጎመሪዝን ዝኣመሰሉ ተጻወትቲ እታ ጋንታ ክዕቅቦም'ዩ ድሌቱ። ይኹን'ምበር፡ ክለብ ኒውካስል ዝም ተጻወትቲ ዘፃዝብ ናይ መሸጣ ውዕል እንተደኣ ረኺባትሎም ክትሰዶም ዓይና ከም ዘይትሓሲ ምስታ ጋንታ ቅርበት ዘለዎም ወገናት ይሕብሩ። ዋላኳ ኣሌክሳንደር ኢሳቕ ኣብ ኒውካስል ዘጸንሖ ሓድሽ ውዕል ንምፍራም ይዘራረብ ከም ዘሎ ክግለጽ እንተጸንሐ፡ ዛጊት ግን ኣብ ጣውላ ዝተወደአ ነገር የለን። ደረጃኣ ንቕድሚት ክተደይብ ወጢና ዘላ ቸልሲ፡ ኣብዚ ናይ ክረምቲ ማስርሕ ምስጓጋር ተጻወትቲ ብርክት ዝበሉ ኣጥቃዕቲ ኣብ ምንዳይ'ያ ትርከብ ዘላ። እዛ ጋንታ ንወዲ 18 ዓመት ኣጥቃዓይ ባርሰሎና ማርክ ገዩ ክትውድኣሉ ኣብ ምቅርራብ ትርከብ ኮይና፡ ምስ ለለ ብዝዕባ ማስርሕ ምስጓጋር ካፍዳዊ ጆናታን ዳቪድ፡ ምስ ኣስቶንቪላ ብኹነታት ጆን ዱራን፡ ምስ ሆፈንሃይም ከኣ ንጉዳይ ማክሲሚሊያን በየር ኣመልኪታ ትዛረረብ ከም ዘላ ይፍለጥ። ዋላኳ 27 ሚልዮን ፓውንድ ሒዛ ንኣጥቃዓይ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ሳሙኤል ኣሞሮዲያን ንምስጓጋር ዝበረቶ ፈተነ እንተዘይሰለጣ፡ ኣብ ጉዳይ ተጻዋታይ ኤቨርተን ዶሚኒክ ካልቨርት ለዊን ግን ኣይደቀሰትን ዘላ።

## ሳውዝጌይት ብደገፍቲ ጋንታኡ ይሻቐል

ገለ ገለ ደገፍቲ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ኣብ ልዕሊ ጋንታኦም ብዝርእይዎ ዘለዉ ጽልኣት፡ ዘይንቡር ኩነታት ይፍጠር ከም ዘሎ ኣሰልጣኒ ጋረዝ ሳውዝጌይት ተዛሪቡ። ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ዋላኳ ካብ ምድባ ቀዳመይቲ ኮይና ናብ ዝቕጽል ግጥም ኣውዲቕካ ምሕላፍ ትሰገር፡ ብሰሉስ ምሸት ግን ምስ ስሎቬኒያ ብዘይ ዝኾነ ሸቶ 0-ብ0 ክትፈላለ'ያ ተገዲዳ። ኣብ ዝሓለፈ ናይ ምድባ ካልኣይ ጸወታ'ውን እንተኾነ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ዴንማርክ 1-ብ1 ተፈላልያ ምንባራ ኣይርሳዕን። ብሰሉስ ምሸት ምስታ ካብኣ 52 ደረጃ ትሕቲኣ ብማሕበር ኩዕሶ እግሪ ዓለም (ፊፋ) ኣብ መበል 57 ደረጃ ዝተሰርዐት ስሎቬኒያ ማዕረ ምፍልላያ ንደገፍታ ክውሓጠሎም ኣይከኣለን ዘሎ። በዚ'የም ከኣ ገለ ገለ ደገፍቲ ናይዛ ስሪ ሻዎንስ ብዝዕባ ቅጽል ስም እትጽዋዕ ጋንታ፡ ድሕሪ'ዚ ናይ ሰሉስ ምሸት ጸወታ ንኣሰልጣኒኦም ማስተዩ በራ ታኺኮታት ክሸንደወሉ ዝተረኣዩ። ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ጋረዝ ሳውዝጌይት ብኹነታት ደገፍቱ ብምስጋእ ተቖጣጢፉ ኣብ ጊዜ ሃገርም ደው ክበሉ'ዩ ጸዊዑ ዘሎ። ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ዋላኳ ኣቐዲማ ናይ ቦታ ሳካ ሸቶ ካብ ጸወታ ወጻኢ ኮይና እንተተሰረዘታ፡ ኣብ ዝቐጸለ ደቓይቕ ግን ንሓሳዊ ልዕት ሃገራዊት ጋንታ ስሎቬኒያ ያን ኣብኡ ክተሸግር ኣይከኣለትን። ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ኣብዚ ናይ ምድብ ጸወታ ሓንሳብ ጥራይ'ያ ኣብ ልዕሊ'ታ ኣብ ደረጃ ሃገራውያን ጋንታታት ፊፋ ኣብ መበል 32 ተርታ ተሰሪዓ ዘላ ሰርቢያ ዓወት ኣመዝጊባ። ሳውዝጌይት፡ ጽልኣት ደገፍቲ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ንዕኡ ጥራይ ከኸውን ከምዘለዎ ብምግላጽ፡ ናብ ተጻወትቲ ከይልሕም ሰጊኡ ከም ዘሎ'ዩ ዝሕብር። ንሱ "ከምዚ ዓይነት ኩነታት ኣብ ዝኾነት ናብ ዝቐጸል ግጥም ኣውዲቕካ ምሕላፍ ዝሰገረት ጋንታ ኮጋጥም ኣይረኣኹን። ኣዝዩ ፍሉይ ነገር'ዩ። በቲ ኮይኑ በቲ ግን ብዝጻወትተይ ኩሩዕ እየ" ክብል መለሱ ኣሎ። ቅድሚ'ዚ ተቓውሞ ናይ ደገፍቲ፡ እንግሊዝ ምስ ዴንማርክ ኣብ ዝገጠመትሉ ግዜ'ውን ዝተፈላለዩ ተንተንቲ ኩዕሶ እግሪ ብፍላይ ከኣ እንግሊዛውያን ኒታ ጋንታ ክዘልፍዋ ተራእያም እያም። ንኣቡት ሓለቓ ጋንታ ሃሪ ኬይን ኑፃም ተደጋጋሚ ጸርፊ ዘውርዱ ዝበሩ ናይ ቀደም ተጻወትቲ እታ ጋንታ "እዚ ውድድር ክሳብ ክንደይ ከቢድ ምኳን ዘክሩ" ክብል ከም ዝመለሰሎም ኣይርሳዕን። ሓላዊ ልዳት እታ ጋንታ ጆርዳን ፒክፎርድ ብወገኑ ዋላኳ ጸቡቕ ጸወታ ከም ዘርእዩ እንተተኣመነ ዝኩኣሎም ይገብሩ ከም ዘለዉ ብምሕባር ዝወርድ ዘሎ ነቐፌታ ጠቓሚ ከም ዘይኮነ ኣፍሊጡ ኣሎ። ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ዋላኳ ናብ ዝቕጽል ግጥም ኣውዲቕካ ምሕላፍ ሰጊራ እተሃለወት፡ ኣብ ዋንጫ ኤውሮጳ 2024 ተርእዮ ዘላ ብቕዓት ግን ትሑት ምኳኑ ዘኮትዕ የብሉን። ኣብ 270 ደቓይቕ ብዘምጋም ክረኣ ከሎ 2.26 ሸቶታት'ያ ኣመዝጊባ። እዚ ኸኣ ካብተን ኣብዚ ግጥም ዘለዋ 24 ጋንታታት ኣብ መበል 19 እዩ ዝሰርዓ። ብዘሒ ንኣንጻር ጋንታ ዝፈተኑ ፈተነ ድማ ኣብ መበል 17 ተርታ ተሰሪዓ ኣላ።



## ዕድል ስሎቬኒያ ዘሰበረ ተሓጋጋዚ ኣሰልጣኒ

ሃገራዊት ጋንታ ዴንማርክ ንሃገራዊት ጋንታ ስሎቬኒያ ብኣዝዩ ኣገራሚ መንገዲ በሊጻ ካብ ምድባ ካልኣይቲ ኮይና ሓሊፋ። ሃገራዊት ጋንታ ስሎቬኒያ፡ ብዙሕ ሰብ ብዘየቕለበሉ ብሰንኪ ጉድለት ተሓጋጋዚ ኣሰልጣኒኣ እያ ብሃገራዊት ጋንታ ዴንማርክ ናይ ካልኣይ ደረጃ ቦታኣ ተመንጢላ። ክልቲአን ጋንታታት ኣብዚ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ቀዳመይቲ ኮይና ዝሓለፈትሉ ምድብ ሰለስተ ግዜ ማዕረ ብምውጻአን ሰለስተ ነጥቢ'የን ከጥህልላ ክኢለን። እዘን ጋንታታት ኣብዚ ናይ ምድብን ሰለስተ ጸወታታት ሓንሳብ ማለት ንሓድሕደን 1-ብ1፡ ኣብ ካልኣይ ጸወታአን'ውን 1-ብ1 ክፈላልያ ከለዋ፡ ኣብ ሳልሳይን ናይ መወዳእታን ናይ ምድብን ጸወታ ከኣ 0-ብ0 እያን ወዲአንኦ። በዚ ከኣ ዘመዝገብአን ዝተመዝገበን ሸቶታት'ውን ማዕረ'ዩ ኮይኑ። ክልተ ሸቶታት ኣመዝጊበን ክልተ ሸቶታት ከኣ ስለ ዝተመዝገበ ናይ ሸቶ ፍልልይ ባዶ'ዩ መጺኡ። እዘን ክልተ ሃገራውያን ጋንታታት ኣብ ሰለስተ ናይ ምድብን ጸወታ ካፍሰወከፈን ሽዱሽተ ብጫ ካርድ'የን ወሲደን ነይረን። ጸሓፉ ግን ዝኾነ ሰብ ዘጸስተብሃለለ፡ ሓደ ካልእ ኩነታት ተፈጢሩ። ሃገራዊት ጋንታ ስሎቬንያ ኣብ ቀዳማይ ጸወታኣ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ዴንማርክ ኣብ ዝገጠመትሉ፡ ተሓጋጋዚ ኣሰልጣኒ ሚሊቮጅ ኖኣኮቪች ብጫ ካርድ ወሲዱ ከም ዝበረ ተዘኪሩ። በዚ ከኣ ሃገራዊት ጋንታ ዴንማርክ ብሽዱሽተ ብጫ ካርድ ካብ ምድባ ካልኣይ ደረጃ ክትሕዝ ከላ ሃገራዊት ጋንታ ስሎቬኒያ ከኣ ብሸውዓተ ብጫ ካርድ ሳልሳይ ተርታ ተሰሪዓ። ተሓጋጋዚ ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ስሎቬኒያ ብጫ ካርድ እንተዘይወሰደ ነይሩ'ሽ ብኸመይ ምተፈላልያ ዝብል ሕቶ ክለዓል ባህርያዊ'ዩ። እዚ እንተዘጋጥም ነይሩ ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ እዘን ክልተ ጋንታታት ናብዚ ንምሕላፍ ንዘበርኦ ጸወታታት ክምዝጽል ምተገደደ ነይሩ። እቲ ዘርርም፡ እዘን ክልተ ሃገራውያን ጋንታታት ኣብ መጻረዪ ናይዚ ውድድር'ውን ኣብ ሓደ ምድብ'የን ተደላዲለን ነይረን። ክልቲአን ብ22 ነጥቢ ናይ መጻረዪ ውድድረን ክዛዝማ ከለዋ፡ ክልቲአን ከኣ ሸውዓተ ግዜ ዓወት፡ ሓደ ማዕረ ክልተ ከኣ ስዕረት'የን ረኺበን ነይረን። ይኹን'ምበር፡ ሃገራዊት ጋንታ ስሎቬኒያ ከም ሳልሰይቲ ዝበለጸት ጋንታ ኮይና ናብ ዋንጫ ኤውሮጳ ክትሓልፍ ከላ ሃገራዊት ጋንታ ዴንማርክ ግን ብቐጥታ'ያ ሰጊራ። በዚ ከኣ ብሰሉስ ምሸት'ውን በዚ መለክዒ፡ ዴንማርክ ናብ ዝቕጽል ግጥም ኣውዲቕካ ምሕላፍ ምሰገረት ነይራ። ዴንማርክ በዚ ዝኾነ ሰብ ከስተብህሎ ዘይክእል መዐየሪ ካብ ምድባ ካልኣይቲ ኮይና ናብ ዝቕጽል ግጥም ኣውዲቕካ ምሕላፍ እኳ እንተሰገረት፡ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ጀርመን ክጽሓ ምኽኣሉ ግን ዕድል ኣይገበረትን።



### መደብ ጸወታ

ሎሚ

ሻምፕዮን ጋንታታት ሱፐር ዲቪዥን

ደንደን ምስ ገዘጠኑዳ ሰዓት 2፡00 ድ/ቀ

ኣስመራ በራ ምስ ማይተመናይ

ሰዓት 4፡00 ድ/ቀ

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ናይሮቢ - ንውሳነ መንግስቲ ዝቃወም ሓያል ተቓውሞ. . .

ኣብ ናይሮቢ-ኬንያ፡ ወሰኽ ግብሪ መንግስቲ ዝጸግ ሓያል ተቓውሞ ከምእተኻየደን፡ ኣብ ሰብን ንብረትን ከቢድ ጉድኣት ከምዝወረደን ማዕከናት ዜና ኣቃሊሐን።




በቲ ኣብ ኣፍ-ደገ ቤት-ጽሕፈት ፓርላማን ካልኦት ከበታት እታ ከተማን ዝተኻየደ ተቓውሞታት፡ ብውሕዱ 13 ሰባት ከምዝሞቱን ካልኦት ብርክት ዝበሉ ከምዝቖሰሉን እዩ ዝሕበር ዘሎ።

እዮም ንተቓውሞ ዝወጹኡ ሰልፈኛታት - ንህንጻ ፓርላማ እታ ሃገር እውን ሓዊ ከምዝለኮሱሉን፡ ምስ ኣባላት ጸጥታ ጕንጺ ከምእተፈጥረን ተገሊጹ።

ፕረዚደንት ኬንያ ዊልያም ሩቶ፡ ኣብ'ቲ ዝተኻየደ ተቓውሞ - ብዙሓት ብጠበን ዝተተኵሱ ሰባት ከምእተጸንበሩ ብምምልካት፡ ኩሎም እቶም ኣብ'ዚ ናዕቢ እዚ ዝተዋፈሩ ሰባት መቕጻዕቶም ከምዝቕበሉ ኣፍሊጡ ኣሎ።

ነቲ 'ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኬንያ ዝተፈጸመ ክድዓት' ክብል ዝገለጾ ተቓውሞ፡ ተሪር ግብረ-መልሲ ክህበሉ ምዃኑ እውን ኣጠንቂቑ።

ብዘይካ'ዚ፡ እቶም ተቓውሞታቶም ዘሰምዑ ሰባት - ኣብ ውሽጢ ህንጻ ፓርላማን ቤት-ጽሕፈት ኣመሓዳሪን ከቢድ ዕንወት ከምዝወረዱ ተሓቢሩ።

ብሰንኪ'ቲ ኣብታ ሃገር ተኸሲቱ ዘሎ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ፡ ኣብ ከተማ ናይሮቢ ትካላት ንግዲ ከምእተዓጽዉን መጓዓዝያታት ምድሪ ከምእተዓናቐፋን ተፈሊጡ።

"ዕዳ መንግስቲ ንምቕላል፡ ወሰኽ ግብሪ ክግበር ናይ ግድን እዩ" ዝበለ መንግስቲ ኬንያ፡ እቲ ተወሲዱ ዘሎ ስጉምቲ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ኣብ ግብሪ ከምዝውዕል እዩ ገሊጹ ዘሎ።

## ሩስያ - ብርክት ዝበላ ማዕከናት ዜና ኤውሮጳዊ ሕብረት ኣጊዳ

መንግስቲ ፈደረሽን ሩስያ፡ ከም መልሱ ግብሪ ናይ'ቲ ኤውሮጳዊ ሕብረት ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ልዕሊ 4 ማዕከናት ዜና ሃገሩ ዘንበሮ እገዳ፡ ን81 ማዕከናት ዜና ናይ'ቲ ሕብረት ከምዝኣገደ ኣፍሊጡ።

ኤውሮጳዊ ሕብረት ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ግንቦት፡ ብመንግስቲ ሩስያ ዝውሃና 4 ማዕከናት ዜና - ንኲናት ዩክሬን ኣብ ዝምልከት ሓሶት ሓበሬታ ይዝርግሓ ኣለዋ ብምባል እዩ ኣጊድወን።

ብድሕሪ እዚ፡ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሩስያ - ነቲ ስጉምቲ ተሪር መልሲ ክህበሉ ምዃኑ ከጠንቀቕ ጸኒሑ።

ኤውሮጳዊ ሕብረት እገዳ ናይ'ተን 4 ማዕከናት ዜና ሩስያ ኣብ ዘልዓለሉ እዋን፡ መንግስቲ ሩስያ እውን ነቲ እገዳ ከልዕሎ ምዃኑ እቲ ሚኒስትሪ ሓቢሩ ኣሎ።



## ቓዛ - 10 ኣባላት ስድራ ላዕለዋይ ኣዛዚ ሓማስ ተቐቲሎም



እ ስ ራ ኤ ል ዝሓለፈ ሰሉስ ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ብዘካየደቶ ናይ ኣየር መጥቃዕቲ፡ 10 ኣባላት ስድራ-ቤት ላዕለዋይ ኣዛዚ ምንቅስቓስ ሓ ማ ስ እስማዒል ሃኒያ ከምእተቐትሉ ተገሊጹ።

እቶም ዝጠዘሑ ኣሕዋቱ ምዃኖም ዝንገረሎም ዘሎ ግዳያት፡ እስራኤል በቲ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ቓዛ ኣብ መዓስከር ስደተኛታት ዘካየደቶ ደብዳብ ከምዝሞቱ ተሓቢሩ።

በቲ መጥቃዕቲ ካልኦት ብርክት ዝበሉ ሰላማውያን ሰባት እውን ከምእተቐትሉ ምንጪታት ዜና ሓቢሮም።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሚያዝያ እውን፡ 3 ደቂ እስማዒል ሃኒያ ብደብዳብ እስራኤል ከምእተቐትሉ ዝዝከር እዩ።

ኣብ መጀመርያ ናይዚ ወርሒ'ዚ፡ ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ኣንቶኒ ብሊንከን ናብ ቴል-ኣቪቭ ምብጻሕ ድሕሪ ምግያዱ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁ ነቲ ቅድሚ ሓደ ወርሒ ብኣመሪካ ዝቐረበ እማመ ሰላም ክቕበሎ ድልው ከምዝኾነ ምሕባሩን፡ ሓማስ ብወገኑ ነቲ እማመ ከምእተቐበሎ ምፍላጡን ይዝከር።

እቲ እማመ ሰላም፡ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት እውን ደገፍ ምርካቡ ይፍለጥ።

እንተኾነ፡ እቲ ዝተበጽሐ ስምምዕ ደዩ እቲ እማመ ሰላም - ዛጊት ኣብ ባይታ ክትርጎም ከምዘይከኣለ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

## ኣመሪካ - ዋንነት ብሕታዊ ብረት ከቢድ ቅልውላው የስዕብ

ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ዋንነት ብሕታዊ ብረት - ኣብ ህዝቢ ከቢድ ጥዕናዊ ቅልውላው የስዕብ ከምዘሎ፡ ላዕለዋይ በዓል ስልጣን ጥዕና ናይ'ታ ሃገር ቪቨክ ማርቲ ኣጠንቂቑ።

ኣብ ብዙሓት ክፍላተ-ሃገር ኣመሪካ ዝርአ ዘሎ መጥቃዕትታት ፈኮስ ብረት፡ ኣብ ኩነት ኣእምሮ ነበርቲ ከቢድ ነውጺ ይፈጥር ምህላዉ እዩ እቲ ላዕለዋይ በዓል-ስልጣን ዝሕብር።

ኣብ ኣመሪካ፡ ብሰንኪ ዋንነት ብሕታዊ ብረት ኣብ ዓመተ - 2023፡ ልዕሊ 43 ሽሕ ሰባት ከምእተቐትሉ ጸብጻባት ስቱዳ ገበናት ብሕታዊ ብረት እታ ሃገር ኣረጋጊጹ።




ካብ'ዚኦም እቶም 19 ሽሕ ብመጥቃዕቲ ፈኮስ ብረት ዝሞቱ ክኾኑ እንከለዉ፡ ካብኣቶም ድማ - እቶም 1700 ህጻናትን ትሕቲ ዕድመ ቁልዑን ምዃኖም የጽኑዑ።

ብሕልፊ ኣብ ኣብያተ-ትምህርትን ህዝቢ ኣብ ዝኣከበሉ ቦታታትን ብኣልማማ ዝካየድ መጥቃዕትታት ብረት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ንምውዓል ከቢድ ስራሕ ከምዘድሊ እዩ ክግለጽ ጸኒሑ።

ብዙሓት ኣመሓደርቲ ክፍላተ-ሃገር ኣመሪካ - ዋንነት ብሕታዊ ብረት ኣብ ዝምልከት ሓደስቲ መምርሒታት ከውጽኡ እኳ እንተጸንሑ፡ ኣብ ባይታ ዝኾነ ለውጢ ከምዘይተራእየ እዩ ዝሕበር።

ብሕታዊ ብረት፡ ንትሕቲ 21 ዓመት ሰብ ክኽልከልን ካብ ንስራሕ ወጻኢ ዝግበር መሸጣን ዕድጊን ከይፍቀድን. . . እቶም ኣመሓደርቲ ክፍላተ-ሃገርን ካልኦት ኣባላት ባይቶን ክሓቱ ምጸናሖም እዩ ዝግለጽ።

ኣብ ኣመሪካ፡ ብመሰረት እቲ ኣብ መወዳእታ ናይ ዓመት-2023 ዝተመዝገበ ኣሃዝ፡ ኣብ መዓልቲ ብገምጋም 117 ሰባት ግዳያት ዋንነት ብሕታዊ ብረት ይኾኑ - ብመሰረት ጸብጻባት ስቱዳ ገበናት ብሕታዊ ብረት።

ኣብ ኣመሪካ፡ ኣብ'ዚ እዋን እዚ - ልዕሊ 390 ሚልዮን ጠበናጁን ሽጉጣትን ኣብ ኢድ ውልቀሰባት ከምዝርከብ እቲ ምንጪ የረድእ።

## ደ/ኮርያ "ፈተነ ባለስቲካዊ ሚሳይል ሰ/ኮርያ ፈሺሉ" ትብል



ሰሜን-ኮርያ፡ ትማሊ ረቡዕ ዘካየደቶ ፈተነ ባለስቲካዊ ሚሳይል ከምዘይተዓወተ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ደቡብ-ኮርያ ሓቢሩ።

እቲ ብሰሜን-ኮርያ ዝተወንጨፈ ባለስቲካዊ ሚሳይል፡ ኣብ ጉዕዞ እንከሎ ሃንደበት ከምእተባርዐ፡ ስለ'ዚ ድማ እቲ ፈተነ ከምዝፈሸለ መንግስቲ ደቡብ ኮርያ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ ኣፍሊጡ።

ኣመሪካ፡ ጃፓንን ደቡብ ኮርያን ብሰሜን-ኮርያ ዝካየድ ዘሎ ፈተነ ባለስቲካዊ ሚሳይል፡ ንውሳኔ ቤት-ምኽሪ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝጥሕስ ምዃኑ ብምግላጽ - ብትሪ ይኹንንኦ።

ሰሜን-ኮርያ፡ እቲ ብተደጋጋሚ እተካይዶ ዘላ ፈተነ ኣጽዋር - መቐጸልታ ናይ'ቲ ዝተራቐቐ ሚሳይላት ንምምዕባል ትሰርሓሉ ዘላ መደብ ምዃኑ እያ እትገልጽ። ኣብ ምውሓስ ሰላማን ርግኣታን ዓቢ ተራ ከምዘህልዎ እውን ተገንዝብ።

ኣመሪካ ኣብ ሓውሲ ደሴት ኮርያ እትካይዶ ዘላ ወተሃደራዊ ምትእትታው፡ ዞባዊ ቅልውላው ከየስዕብ ስግኣት ከምዘሎ እያ ዝተፈላለዩ ወገናት ዘጠንቅቑ።

ሰሜን ኮርያ፡ ካብ ኣመሪካ ቀጻሊ ተጻብኦ ይገጥማ ከምዘሎ ብምምልካት፡ ነቲ ኣብ 2006፡ 2009ን 2017ን ዘሓንጸጸቶ ፕሮጀክት ምምዕባል ባለስቲካዊ ሚሳይል ብዘሓየለ መልክዑ ክትቅጽሎ ምዃና ተሓጺሩ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣፍሪቃ | 27/06/2024 | ጎደና ማ.ት.ኣ - 176 ቁ.25፡ ከባቢ ሲነማ ዳንተ | 126003 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services